10,08,08

# መኽፈቲ ቃል ኣሰናዳኢ ሽማግለ መበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ ፍራክፎርት

ብተስፋማሪያም ክብራኣብ ኣ/መ/ኣሰናዳኢ ሽማግለ መበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ ዝቐረበ ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ዕዱማት ኣጋይሽና ንመበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ 2008 ዓም ንዝምልከት ዕድሜና ኣኽቢርኩም ኣብ 5 ክፍለ-ዓለማት፡ ካብ ዝርከባ ሃገራት ነቒልኩም ፡ ብኣየርን ብባሕርን ብመሬትን ኣቛሪጭኩም ፡ንድኻም በዲህኩም፡ ወርቃዊ ግዜኹም ሰዊእኩም ፡ ንምስታፍን ኣካል ናይዚ ፈስቲቫል እዚ ንክትይኮኑ ብምውሳንኩም ኣድናቆትና ድሕሪ ምግላጽ ፡ ብስም እቲ ነዚ መደብ እዚ ጾይሩ ኣብ ምድላው ዝጸንሐን ሕጂውን ንዓኻትኩምን ንምእንጋድ ድግዲግት ተዓጢቑ ዘሎ ኣሰናዳኢ ሽማግለ መበል 23 ፈስቲቫልን ኤርትራን ኣባላቱን መርሓባ እንኳዕ ደሓን መጻኣኩም እብል።

ንሕና ነዚ ሰፍሕ ፈስቲቫል እዚ ኩሉ ዘሎና ዓቕሚ ኣወሃሂድና ክንብገስ ከሎና፡ ነዚ ኣብ ዝተፋላለየ ኩ`ርናዓት ዓለም ዝነብር ህዝብና ፡ብናፍቖት ዝሳቐ ዘሎ ፡ኣብዚ ኣዳራሽ እዚ ካበየ ፋሕ ኢልዎ ዘሎ ተራኺቡ ሓሳብ ንሓሳብ ዝላዋወጠሉን ናፍቆቱ ዘውጻኣሉን፡ ሕብረተ-ሰብኣውን ባህላውን ተዘኩሮታቱ ዘርውየሉ መደባት ሰሪዕና ንምቕብል ምብቃዕና ሓበን ይስማዓና።ስለዚ ንሕና ድልየትኩም ኣብ ቅድሜኹም ንምቕራብ ዝተዓጠቕና ደኣ እምበር ልዕሊ ኩሉኹም ሓለፋ ስለዘሎና ኣይኮናን።ሓለፋና ሓጎስኩምን ፍሽኽታኹምን ዕግበትኩምን ምሉእ ኮይኑ ኣብ በቦታኹም ምስ ተመለስኩም እተዘንትውሉ ምስ ዝኸውን።

ነዚ ዘኹርዕን ዘሔብንን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝመጸ ማሕበራዊ ዝምድናን ወግዕን ሕብረተ-ሰብና፡ከምቲ ክቡር ኣቕሓ ኣብ ቆረባሻና ሒዝና እንሕልዎን እንዕቅቦን ፡ካብ ዝኾነ ባልዕ ይኹን ሰብ ፈጠሮ ሽግራት እንከላኸሎን ፡ከምኡ ውን ነዚ ክቡር ኤርትራዊ ባህልን ስነ-ምግባርን ኣብ ውሱን እዋን ተጓዕጺጹ ከይተርፍ ፡ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ከምዚ ገርና ክንራኸብ ከሎና ንሕና ንበይንና ተሓለቕቲ ናይዚ ክቡር ባህሊ ኢና ኣይኮናን እንብል ዘሎና ፡እንታይ ደኣ ጓሶቱ ኢና።ስለዚ ዋኒን ናይ መላእ ኤርትራዊ ዜጋ ምኻኑ ኢና ንኣምን። ነዚ ሃብታም ዝኾነ ባህሊ እዚ ንምብርዓን ከይደቀሰ ዝሓድር መላኺ ሓይሊ ከም ዘሎ ንኩልና ብሩህ ከም ጸሓይ ቀትሪ እዩሞ ኣይንዳህለል ንብል።

እዚ ተታሓሒዝናዮ ዘሎና መዋእል ጌና መዕገቲ ዘይተረኸቦ ዋሕዚ ስደተኛታት ኤርትራውያን ፡ካብቲ ኣብ ግዜ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታት ዝተዕጻጸፍን ካብ ክቱር ንላዕሊ ሳዕሪሩ ኣብ ዝርከበሉ ኢና ንፈስቲቫል እነካይድ ዘሎና። በቲ መግለጺ ንኽትረክበሉ ዘሸግር ኣረመናዊ ጭካነ ዝዓብለሎ ምሕደራ፡ ናይቲ 18 ዓመት ብግዝያዊ ወታሃደራዊ መንግስቲ ዝለለ እንኮ መላኺ ስርዓት ኤርትራ ተማሪሩ ንወላዲት ሃገሩን ህዝቡን ንድሕሪት ገዲፉ ፡ብድኑ ነብሱ ንምድሓን ብዘይ ጸታውን ዕድመን ጥዕናን ፍልልይ ዝሃድም ዘሎ ህዝብና ውሑድ ቁጽሪ ኣይኮነን።ሃዲሙ ክርህዎ ዝተተስፈወ ፡ብኽንደይ ሽግራት ኣብቲ ከጽልለሉ ዝኽእል ሃገራት ምስ በጽሐ ኣብ ክንዲ ኡፎይ ተኣመስገን ኢሉ ናይ ቅሳነትን ተስፋን ኣየር ዝስሕብን ሂወቱ ናብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ሰብኣዊ ርህራሀ ዝጎደሎ ኣታሓሕዛ ካብቶም ተቐበልቲ ኣጋይሽ የጋጥሞ ኣሎ።ኣብ ክንዲ ነታ ብኽንደይ ጻዕረሞት ኣብ ዓዲ- ሰብ ዝበጽሐት ነብሲ ምዕንጋልን ምፍዋስን ብጸጥታዊ ትካላት ናይተን ሃገራት ከም ጥረ-ንዋት ተቆጺሮም ተደፊኦም ናብ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ምድጓን፡ ብሓይሊ ብዘይ ድልየቶም ናብ ምንጋጋ ናይቲ ጨካን ኣራዊት ይምለሱ ኣለዉ።እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ጥርዝያኦም ኣብ ምጽባይ ይርከቡ።

ነዚ ብስቓይን መከራን ዝተበከለ ሂወት ኤርትራዊ ስደተኛ ኣብዚ ቦታ ፈስቲቫል ክላዓልን ክዝረብሉን ከነበግሶ ከሎና፡ ተገንዘቦና ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰባት ዘኽብር ናይ ዓለምና ትካላት ድሕሪ ሃገርና ኤርትራ ልዕላውነት ምርግጋጽ ቆላሕትኡ ጠጠው ከምዘበሎን፡ነዚ ጉዳይ እዚ ንዑስ ኣድህቦ ብምሃቡ ንምድጋፍ ብድድ ኣብዘይበለሉ መዋእል ከም ዘሎና ስለ እንርዳእ ኢና።ስለዚ እዚ ኹሉ ኣብዚ ኣደራሽ እዚ ዘሎ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት

ዓለምና ዝመጻናን ፡ ናይ ከተማ ፍራንክፍርት ተወካልን ናይ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ሰልፍን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራትን ጋዜጠኛታትን ብሓበራ ንሽግር ኤርትራዊ ስደተኛ ኣመልኪትና ካብዚ ኣደራሽ ኢዚ ንናይ ስደተኛታት ቤ/ጽ ካልእ ዝምልከቶ ቤ/ጽ ጥርዓን ንምቕራብ ክንውስን ብተግባር ከንሰንዮን ርእቶና ነቕርብ።እቲ ዝቐረብ ጥርዓን ብስም መላኣ ኤርትራዊ ሲደተኛ  ኮይኑ ብፍላይ ነቲ ኣብ ዓጽረ ሞት ማለት ኣብ ሊብያን ግብጽን ማልታን ንዘለዉ ንምድሓን ምሕጽንታ ምቕራብን፡ ነቶም ኣብ ጎራባብቲ ሃገራት ማለት ሱዳንን ኢትዮጵያን ንዘለዉ ድማ ዝያዳ ኣብ ምቕባልን ኣተሓሕዛን ካብቲ ዘለዎ ሓፍ ክብልን ርእሱ ዘማሕድረሉ ማዕጾ ክኽፈተሉን ንመንእሰያት ድማ ሂወቶም ዝመርሕሉ ስልጠና ክዋሃቦም መዘክር ንምልኣኽ ንበገስ ንበል።

ሓደ ነዊሕ ምዕራፍ ዓጽዩ፡ብሓዱሽ ራኢ ንህዝቢ ዘረከበ ሓያልን ታሪኻውን ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ነዚ ተባዕን ታሪካውን ስጉምቲ ክወስድ ምኽኣሉ ብስም ኣሰናዳኢ ሽማግለ መበል 23 ፈቲቫል 2008 ኣድናቖትና ድሕሪ ምግላጽ ኣገናዕ ንብሎ።ኣንታ ሓዱሽ ህጻን ድማ ብስም ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተጠመቕካ እንኳዕ ተወለድካ እናበልና ንህዝብናን ንሃገርናን ሰላምን ምርግጋእን ቅሳነትን ራህዋን  ሒዝካሉ ክትውለድ ትምኒትና ድሕሪ ምግላጽ ፡መጻኢ ዕድሜኻ ኣብ ጥጡሕ ባይታ ኮፍ ኢልካ ንህዝብኻ ምስ ህዝብኻ ኮንካ ፍትሓዊ ምሕደራ ኣትካየደሉ ኩነታት ከጋባግበካ ጽቡቕ ትምኒትና ንገልጸልካ ፡ኣብ ርእሲ እዚውን ኳዕዳድ ጎበዝ ኮንካ ከም እትዓቢ ጥርጠራ የብልናን እሞ ኣጆኻ።

ንሕና ነዚ ፈስቲቫል እዚ ንመበል 23 ዓመት ከነካይዶ ከሎና ንበይና ብዘይ ዝኮነ ይኹን ሞራላውን ነገራውን ምምሕዳራውን ደገፉት እንወርዶን እንድይቦን ዓቕበት የልቦን።ኣብዚ ዝኾነ ኣባል ናይዚ ፈስቲቫል እዚ ክርዳኣልና እንደልዮ፡ ክቡር ህዝቢ ጀርመንን መንግስትን ፖለቲካዊ ሰልፍታቱን ማሕበራቱን ኣብ ጎድንና ጠጠው ብምባሉ ነቲ ዘሎና ዓቕምን ሞራል ክብ ከብሎ ኪኢሉ እዩ።ስለዚ ኩልና ብሓበራ ድልዱል ምስጋና ብጠቓዒትን ዕልልታን ኣሰኒና መልእኽትና ነማሓላልፍ ።

ነቶም ንዕድሜና እኽቢሮም ኣብ  መንጎና ተረኺቦም ዘለዉ ተወከልቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰቪካዊ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ዋኒኖም ምኂኑ ተገንዚቦም ብምስታፎም ከየምስገና ክንሓልፍ ኣይንደልን።

ንሕና ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብዘየገድስ ሃይማኖታዊ  እምነቱ ይኹን ፖለቲካዊ ዝንባሊኡ ብሓባር ውልቀ ድልየታቱ ዘርውየሉ ድልዱል ማሕበራዊ ሓይሊ  ክምስርት እዋናዊ ጠለብ  እዩ ንብል'።ንብሉይ ኣተሓሳስባን ስነ-ምግባር  ንድሕሪት ገዲፉ ብምዕቡልን ዝተለወጠን ኣተሓሳስባ ኣብ ክሊ ምጽውዋርን ምክብባርን ተቖሪኑ ተወሃሂዱ ብጥርኑፍ ክሰርሕ ንጽውዕ። እቶም ኣብ ስደትና ብማሕበረ -ሰብ እባ ብኮሚኒቲ  ስም ዝጸንሑ ማሕበራት መብዛሕቶኦም ካብቲ ጽሩይ መንፈስ ማሕበራዊ ምትእኽኻብን ኣገልግሎትን ወጺኦም ንረብሓ ናይቲ ጨቓኒ ስርዓት ከገልግሉ ዝጸንሑ ኢዮም።ስለዚ እዞም ኣብ  ወጻኢ እንነብር ሓደ ኤርትራዊ ማእከል ዝሰረቱ ንሕብረተ-ሰብኣውን ባህላውን ወግዕታቱን ልማዳቱን ሽግራቱን ዝጣበቕን ንረብሕኡ ጠጠው ዝብልን የድሊ ኣሎ።ነፍሲ ወከፍን ክንነጥፈሉ ዝግባኣና ምኺኑ ንርኢ።

ምስቲ ክህልወና ዝኽእል ግዜ ኣብ ግምት ዘእተወ መደብ ተሰሪዑ ስለዘሎ ኣብ ኩሉ መዳይት ናይቲ መደባትና ተዋሳእቲ ኮንኩም ክትቀርቡ ነዘኻኽር።ብተወሳኺ ነጸብቕ ኣሎና እናበልና ክንጋገ ስለ እንኽእል መኤርምታ ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ ክንቅበል ቅሩባት ኢናሞ ብዘይ ናሕፍነት ሓብሩና።ብዝተርፈ ጽቡቕ ምጅማር ይግበረልና ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩም ክብረት ይሃበለይ።የቀይነለይ። መድረኽ ንመራሕቲ መደብ ።

ተስፋማርያም ክብራኣብ
ኣ/መ/ፈ/ሽ/መበል 23 ፍራክፎርት